# ካብ መዳሕንቲ ፈሳሲ ብምውሳድ ዝግበር መርመራ/ CHORIONIC VILLUS SAMPLING (CVS)

## ካብ መዳሕንቲ ፈሳሲ ብምውሳድ ዝግበር መርመራ/CHORIONIC VILLUS SAMPLING (CVS) እንታይ እዩ?

CHORIONIC VILLUS SAMPLING (CVS) መርመራ ከኸውን እንከሎ መርፍእ ናብ እንዳዓበየ ዘሎ መዳሕንቲ ይሓልፍ እዩ [ኣብዚ ደረጃ ዘሎ መዳሕንቲ "CHORION" ይብሓል]። ቑሩብ ናይ ዋህዮታ ኣካል ብሲሪንጋ ተጌሩ ይውሰድ እዩ።

እቲ ዋህዮታ ክፋል ኣካል ከምርመር እንከሎ እቲ ማማይ ዝኾነ ጉድለት እንተሃልይዎ ክርአይ ይኽእል እዩ።

ከምኡ'ውን ናይ መዳሕንቲ መርመራ **Placenta biopsy** ወይካዓ **placentocentesis** ይብሓል እዩ።

## CVS መርመራ ንመን እዩ ዝፍቀደሉ?

ንምውላድ ከቓረባ እንከሎ ዕድሚኣን 37 ዓመትን ንላዕሊ ዝኾነን ደቂ ኣንስትዮ።

- ደቂ ኣንስትዮ ከወልዳ እንከሎ ሕማም ዝሕብር Down's syndrome ፀኣእምሮ ድኽመት) ዝበረን።
- ሓደ ሓደ ግዜ ናይ CVS መርመራ ዝግበር ንካልእ ምኽንያት ማለት ብናይ 'ሜታቦሊክ/metabolic' ዘይምስትኽኻል ናይ ምውላድ ፀገም ዘለዎም ወለዲ።

ናይ CVS መርመራ ንSpina bifida (ኣካላዊ ድሕሪት) ኣይኾነን። ይኹን እምበር ካልእ ናይ መርኣይ መርመራ እቲ ማማይ ኣካላዊ ጉድለት ኣብዝርኣየሉ እዋን ኣብ18 ሰሙን ጥንሲ መርመራ ምግባር ይኻኣል እዩ።

## ዕድሚኤን ካብ 37 ዓመት ዝኾኖ ደቂኣንስትዮ ንምንታይ እዩ CVS መርመራ ዝግበረለን?

ናይ ደቂ ኣንስትዮ ዕድመ እንዳወሰኸ ከኺይድ እንከሎ ናይ ክሮሞሶም ፀገም ዘለዎ ማማይ ናይ ምውላድ እድል እንዳወሰኸ ይኺይድ እዩ። እቲ ልሙድ ናይ ክሮሞሶም ጉድለት ፀገም Down's syndrome(ኣእምሮ ድኽመት) ይኸውን እዩ።

**ናይ ጥንሲን ቆልዓ ምውላድን መረዳእታ ወረቐት፡ ሰነ/JUNE2003**

**ካብ መዳሕንቲ ፈሳሲ ብምውሳድ ዝግበር መርመራ/ CHORIONIC VILLUS SAMPLING (CVS)**

ኣሞንጎ 37 ዓመትን 40 ዓመት ዕድመ ዘለዋ ናይ ክሮሞሶም ፀገም ዘለዎ ማማይ ናይ ምውላድ እድል ካብ 100 ውሽጢ 1 ኽውን። ካብ 40 ዓመት ዕድመ ንላዕሊ ዘለዋ እዚ እድል ካብዚ ንላዕሊ ይኸውን እዩ።

እቲ መርመራ ኣብዝኾነ ናይ ጥንሲ ግዘ ምግባር ይኽኣል ግናስ ነቲ ማሕጸን ደሕንነት ክብሓል ብውሑድ ክሳብ 15 ሰሙናት ምፅናሕ የድልይ እዩ።

## CVS መርመራ ንምግባር መዓዝ እዩ ፅቡቅ?

CVS መርመራ ንምግባር ፅቡቅ ግዘ ኣሞንጎ 10ን 12 ሰሙናት ኣብዘሎ ጥንሲ ይኸውን። ኣብ ጥንሲ እዋን ዝኾነ ግዘ ክግበር ይኻኣል ግናስ ቅድሚ ትሽዓተ ሰሙናት እቲ መዳሕንቲ በቲ ዝዓበየ ዝኸይድ ጥንሲ ክረጺት ከባቢ ስለዝነብር እቲ መርመራ ፀገም ክፈጥረሉ ስለዝኽእል እዩ።

እቲ መዳሕንቲ ትሽዓተ ሰሙናት ክኾኖ እንከሎ ሓፈስ ብምኳን ናብ ሓደ ገጽ ስለዝኸውን ብቐሊሉ ክርከብ ይኽእል እዩ። እቲ መርመራ ድሕሪ እዚ ግዘ ብምግባር ነቲ ውፅዒት ብቅልጡፍ ንምዛብ ንደልይ ኢና።

## እቲ መርመራ ከመይ ይግበር?

ኽልተ ዓይነት መንገድታት ኣሎ።

ብጣዕሚ ልሙድ ዝኾነ ኣሰራርሓ ብመዓናጡን ከብዲን ውሽጢ ዘሎ ኣካል ምርኣይ (transabdominal)። መርፍእ ኣብዝውግኣሉ ቀርበት ከባቢ ማደንዘዚ ብምግባር መርፍእ ካብ ማሕጸን ክሳብ መዳሕንቲ ደንደስ [ድሕሪ ምውላድ] ይውጋእ እዩ።

እቲ መርፍእ ዝሓልፈሉ መንገዲ ብUltrasound መርኣይ ጥንቓቐ ምክትታል ይግበር እዩ። ብድሕሪኡ ቐጢን መርፍእ በቲ ላዕላዋይ መርፍእ ውሽጢ ሓሊፉ ናብ መዳሕንቲ ዋህዮት ክፍሊ ኣካል ይውጋእ እዩ።

በቲ ቐጢን መርፍእ መወዳእታ ተጌሩ ብስሪንጅ ቑሩብ ሽራፍ ናይ መዳሕንቲ ክፍሊ ኣካል ይውሰድ። ትኽኽለኛ ዓይነት ናይ ዋህዮት ክፍሊ ኣካል ከምዝኾነ ምርግጋፅን ክሳብ እቲ መርመራ ንምግባር ዝኣኽል ናሙና መርኣዩ ከምዝውሰድ እዩ።

እቲ ካልእ መገዲ/ሜላ ብጣዕሚ ዘይተለምደን ቐጢን ብረት ቱቦ (cannula) ብናይ ደቂ ኣንስትዮ ብልዕቲ ብምሕላፍ (transvaginal) ይኸውን። እቲ ቱቦ ብክሳድ ማሕጸን(cervix) ጌሩ ክሳብ መዳሕንቲ ክፍለ ኣካል ይሓልፍ እዩ።

## ቅድሚ CVS መርመራ ብድምጺ/Ultrasound ምምርማር ንምንታይ የድልይ?

ቅድሚ CVS መርመራ ምግባር Ultrasound ከምዘድልዩን ናይቲ ማማይ ዕድመ ንምግማትን ከምኡ'ውን መዳሕንቲ ኣበይ ከምዝርከብ ንምፍላይ እዩ። ብተወሳኺ እቲ ጥንሲ ሓደ ማማይ ወይካዓ ብዙሕ ንምኳኑ ንምፍላጥ ይጠቅም እዩ።

ሓያል ዝኾነ ናይ ድምጺ ምንብልባል ብምጥቃም ናተኽን ውሽጣዊ ኣካል ከፋል ስዕሊ ንምፍጣር ይኽውን። እዚ'ድማ ብፍላይ ናይቲ ዕቤት ማማይ ንምርኣር ፅቡቅ እዩ። ሓኪም ነቲ መርፍእ ናበይ ከምዝልእኾ ንምርኣይ ናይ Ultrasound ስዕሊ ይጥቀም እዩ።

ኣብታሕታዋይ ከብዲ መለግለግ ዝብል ፈሳሲ ብምልካይ ብላስቲክ ዝኾነ ነገር (transducer) ቐስ ኣቢልካ በቲ ቆልበት ምንቅስቃስ ይኽውን።

ናይ Ultrasound መርመራ ብምግባር ዝፍለጥ ሓደጋ የለን።

Ultrasound መርመራ ኣብዝግበረሉ እዋን እቲ ማማይ ንእሽቶ ስለዝኾነ ብጣዕሚ ውሑድ ዝኾነ ናይ ኣካላዊ ፀገማት ጥራይ ክርኣይ ይኽእል።

## ኣብቲ መርመራ ዝግበረሉ ዕለት እንታይ ከምዝግበር?

ኣብ ናይ Ultrasound መርመራ ክፍሊ ውሽጢ እቲ ኣሰራርሓ ይግበር።  ናይ ዋህዮታ ክፍለ ኣካል ናሙና ንምርካብ ዝወስዶ ግዘ ከፈላለ እንከሎ ግናስ መብዛሕትኡ ቁሩብ ደቒቕ ይወስድ እዩ። ን30 ደቂቕ ጸጥ ኢልካ ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ከዛኽን ምኻድ ትኽእላ።

ድሕሪ እቲ መርመራ ናብ ገዛኽን ብዘይፀገም መኪና ክትዝውራ ትኽእላ ግናስ ዝኻኣል እንተኾይኑ ዝኾነ ሰብ ምሳኽን እንዳዘወረ ክወስደኽን ይምረጽ እዩ። ሙሉእ ማዓልቲን ኣብዝቕጽል ማዓልቲ ብዘይምንቅስቃስ እረፍቲ ምግባር ግናስ ናብ ኣራት ምድቃስ ኣድላይ ከምዘይኾነ እዩ።

## እንታይ ዓይነት ምግርጫው ከፍጠር ይኽእል?

እቲ ኣሰራርሓ ኣብዝግበረሉ እዋን መብዛሕትኣን ደቂ ኣንስተዮ ቁሩብ ፀገም ይነብረን ግናስ ሓያል ከምዘይኾነን ንቑሩብ ሰኮንድ እዩ። ድሕሪ ብመዓንጣን ከብዲን ዝግበር መርመራ ደም ምፍሳስ ኣይልሙድን እዩ።

ናይ ጥንሲን ቀልዓ ምውላድን መረዳእታ ወረቐቲ፡ ሰነ/JUNE2003

**ካብ መዳሕንቲ ፈሳሲ ብምውሳድ ዝግበር መርመራ/ CHORIONIC VILLUS SAMPLING (CVS)**

ነዚ መርመራ ዝገበረት ደቂ ኣንስትዮ ናይ ጥንሲ ምካድ/ምውራድ ፀገም ከሳብ ሕጂ ኣይተረጋገፀን እዩ። ካብ ወፃኢ ዓዲ ዝረኸብናዮ ሓበሬታን መርመራ ናይ ጥንሲ ምውራድ ፀገም ዝርእዮ 1% ከምዝኾነ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ድማ ድንገተኛ ናይ ጥንሲ ምውራድ ኣብ 10 ሰሙን ዘሎ ጥንሲን እዚ'ድማ ናይ CVS መርመራ ዝገበራ ጥራይ ከይኮነ ንኹለን ጥኑሳት ይኸውን።

እኹል ዝኾነ መርኣዩ/ናሙና ብዘይምቕራቡ ወይካዓ እቲ ላቦራቶር ውፅኢት ብዘይምሃቡ ምክንያት ከምካልኦት መርመራታት ውድቂ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ድሕሪ ናይ መርመራ እንታይ ክጽበይ ኣለኒ?

በቲ መርመራ ኣሰራርሓ ቑሩብ ስትራፖ/ስምብራት ምክንያት ዘይምቹ ኩነታት ብመጠኑ ክፍጠር ይኽእል። ፓራሰታሞል ነቲ ቃዛ መፈወሲ ምውሳድ ይኽኣል።

ብብልዕቲ ኣለንስተይቲ ብዙሕ ደም ወይካዓ ማይ ፈሲሱ ወይካዓ ሓያል ቃንዛ እንተሃልዩኽን ሓኪምኽን ከተማኽሩ ኣለኽን።

## ናይቲ መርመራ ውፅኢት ከንደይ ግዘ ይውድእ?

መብዛሕትኡ ግዘ ላቦራቶሪ ነቲ መርመራ ውፅኢት ንሓኪምኽን ብክልተ ሰሙን ውሽጢ ክህብ እንከሎ ሓደ ሓደ ግዘ ቐዲሙ ይኸውን።

## ሓጺር ጸብጻብ

ዝገበረሉ ዋና ምክንያት ዕድሚኣን ካብ 37 ዓመትን ንላዕሊ ዝኾና ሕሙማት ናይ Down's syndrome ፀገም ንምንባሩን ካልኦት ናይ ክሮሞሶም ዘይምስትኽካል ንምባሩ የረጋጸልና እዩ። ከም AMNIOCENTESIS መርመራ በዚ መርመራ ናይ spina bifida ፀገም ምህላው ኣይገልጽን እዩ። ይኹን እምበር ኣብ 18 ሰሙናት ናይ ሕቑን ካልእ ናይ ማማይ ኣካላት ብጥንቓቀ ንምርኣይ ይግበር እዩ።

Women's Health Matters

**ናይ ጥንሲን ቀልዓ ምውላድን መረዳእታ ወረቐቲ፡ ሰነ/JUNE2003**

**ካብ መዳሕንቲ ፈሳሲ ብምውሳድ ዝግበር መርመራ/ CHORIONIC VILLUS SAMPLING (CVS)**

CVS መርመራ ነቲ ጥንሲ ካብ AMNIOCENTESIS መርመራ ዝበለፀ ናይ ምርባሽ ፀገም ከነብሮ እቲ ጥቕሚ ድማ ናይቲ መርመራ ውፅኢት ድሕሪ ካብ ሽድሽተ ክሳብ ሸውዓተ ሰሙን ጥንሲ ይውሃብ እዩ። እቲ ጥንሲ ንምውራድ ኣድላይ እንተኾይኑ ኣብ ቀዳማይ ጥንሲ እዋን ምስዳድ ቐሊልን ፀገም ዘይብሉ ኣሰራርሓ ይኸውን።

ኣብ መወዳእታ መርመራ ምግባር ከምዘየድልን ንምርግጋፅ፤ ከምኡ'ውን ኣብ 18 ሰሙን ብሓባር ናይ CVSን መርኣይ/Scan ብምግባር እቲ ማማይ ጥዑይ ከምዝኾነ ንምርግጋፅ እዩ።



THE ROYAL WOMEN'S HOSPITAL